CONFIDENTIAL – DO NOT REPRODUCE WITHOUT INQUIRY PERMISSION

---

**WITNESS STATEMENT OF FEREDE YESHIWENDIM NADEW**

---

I, Ferede Yeshiwendim Nadew, father of Niyat Ferede, of **Personal Data** **Personal Data** will say as follows

1. I am the father of Niyat Ferede ("**Niyat**"), one of the victims of the November 2021 tragedy.

2. I make this statement in order to provide relevant information to the ongoing Cranston Inquiry examining the events of, leading up to and following the 23/24 November 2021 tragedy, based on my knowledge and understanding of the circumstances leading up to and during the events under scrutiny.

3. My statement should be read together with the statements of my wife, Freweyni Hailemariyam ("**Freweyni**") and son, Morris Sleshi Tewelde ("**Morris**"). I have read and agree with the contents of those statements. The matters set out in this statement are within my knowledge unless otherwise stated.

4. I acknowledge that the information that I received from my daughter prior to and during her journey may not always have been complete and/or accurate. I miss my daughter, and although I have tried to recall every detail of what she told me, I cannot remember everything. We have been in mourning for a long time and everyone is still devastated. We have lived through a war and my family and I have been through very difficult times. All of this has affected my memory.

5. This statement was prepared with the assistance of my legal representatives at Duncan Lewis solicitors.

**<u>Background</u>**

6. I am an Ethiopian national born on **Personal Data** in Kafta Humera in Western Tigray. I

**Sensitive & Irrelevant**

7. **Sensitive & Irrelevant**

Sensitive & Irrelevant

8. My wife and I married in April 1997. We have four children in our family, including Niyat, DOB 14 June 1999. My son Amanuel Ferede ("**Amanuel**"), DOB PD is from my previous marriage, and Morris, DOB PD is Freweyni's son from her previous marriage. I consider Morris as my own son. Together my wife and I had Niyat and Yeshiwendim.

9. Niyat had a happy childhood. She was an extraordinary girl. She was so thoughtful and loving towards her family. She grew up with her brothers in our home and went to school, and then later to university in Mekelle. She was determined to become a pharmacist in Mekelle and to devote her life to helping people.

10. Before the Tigray war, my family and I had a good and comfortable life in Mekelle. However, after Name became Prime Minister of Ethiopia in 2018 as head of the Prosperity Party, the political feelings towards the Tigray region became increasingly negative. The government was attacking Tigrayans and our culture through the media. This escalated into all-out civil war in November 2020. From this point, it was no longer safe for any Tigrayan person to live in Ethiopia.

11. Sensitive & Irrelevant Sensitive & Irrelevant The fighting started in the outskirts of Mekelle and in the west of Tigray before the conflict reached the city Sensitive & Irrelevant Sensitive & Irrelevant The Ethiopian army was carrying out aerial bombardments at that time, Sensitive & Irrelevant Sensitive & Irrelevant

12. Niyat wanted to stay in Mekelle, so when the rest of us left she went into hiding with another relative, Dr Amanuel . Dr Amanuel had no involvement in politics Sensitive & Irrelevant Sensitive & Irrelevant He had a big house and his own clinic, and was well respected. Niyat was closer to Dr Amanuel than the rest of us were, and he offered she could stay with him. Nowhere in Tigray was safe at that time, and we were not sure whether Niyat would be safe being with us on the long journey, so we agreed it was better for her to stay.

13. We left Mekelle around 23 or 24 November 2020. This was the last time I saw my daughter.

14. We went to Kola Tembien, a rural area approximately 100km north-west of Mekelle. We travelled by car. Once in Kola Tembien, I left Freweyni with the children in a cave in the rocky

CONFIDENTIAL – DO NOT REPRODUCE WITHOUT INQUIRY PERMISSION

part of the area. There were many displaced people hiding out in this area. Sensitive & Irrelevant Sensitive & Irrelevant

15. During this time my son Amanuel was in hiding in another town, Shire Inda Selassie, with his wife. Many people sheltered there during the war.

16. After the federal government forces took control of Mekelle my family was able to return, and in December 2020 Freweyni and the children came back to the city. Sensitive & Irrelevant Sensitive & Irrelevant. In around January or February 2021, I walked approximately 600 kilometres to Sudan to escape the conflict.

17. After the Ethiopian forces captured Mekelle, telecommunications briefly opened up from January 2021 until June 2021, which is how I informed Freweyni that I had gone to Sudan. However, in June 2021, when the TPLF re-took control of the city, the federal government shut down all communications with Tigray. From this time, whilst my family was in Mekelle and I was in Sudan, we were not able to communicate with each other. The drone attacks and fighting in the city also started again at this time, making Mekelle very unsafe. Telecommunication and internet services were only fully restored in Tigray in the beginning of 2023.

**<u>Journey from Ethiopia to France</u>**

18. My wife has explained in her statement what led Niyat to leave Mekelle, and I will not repeat this here. I am aware that she left Tigray around January 2021, after Freweyni and the others had come back to Mekelle. Everyone agreed it was not safe for Niyat to stay.

19. I spoke to Niyat several times after she arrived in Addis Ababa. During one call she told me that she had been arrested in Addis Ababa, this was around January 2021 when she first arrived. She told me was detained in Kaliti Prison for about a week, but she did not share any details. Niyat and Morris later told me that they were planning to leave Ethiopia to go somewhere safe. Morris was planning to go to Dubai and Niyat was planning to go to Europe.

20. I did not know that Niyat had left Ethiopia until she called me from Belgium in October 2021. She said she was in Europe with her friend Meron Hailu Gebrehiwet ("**Meron**"). She told me that Meron was from Adigrat in Tigray, and that they had become friends in Addis Ababa. Meron was also a victim of the incident on 23/24 November 2021.

21. I was able to speak to Niyat regularly on the phone after she left Addis Ababa. I was in Sudan, where there was no active conflict at the time, so I had signal and was able to communicate with her. We talked about what was happening in Tigray, and she sent me photos of herself on protest marches in Brussels against the Ethiopian federal government's treatment of the

Tigrayan people, demanding an end to the conflict. Niyat was politically engaged and she cared deeply about what was happening in Tigray. The whole of Tigray was in danger at that time and the rest of my family were trapped there. I could not communicate with them to get confirmation that they were safe. It was so important to be able to speak with Niyat during this time. We spoke so often because we needed each other.

22. Niyat told me that she and Meron were living with people from the Tigrinya and Catholic communities in Brussels. As far as I am aware, this was the last place that she was living before she went to Northern France.

23. Niyat told me that she was thinking about leaving Brussels and trying to go to England. She was finding it very hard in Belgium because she could not speak the language. I told her that I did not think it was safe to leave as it was cold and the weather was not good to travel in, and that it would be better for her to stay with the Catholic community in Brussels.

24. When she was in Brussels we spoke almost every day on the phone but then suddenly, in mid-November 2021, I did not hear from her. I did not know then that she had left Brussels to try and cross to the UK. I was in contact with Morris at the time, and spoke to him regularly about Niyat. After the boat sank he was following the news, so he would update me as he found out more information.

***Aftermath of the events of 23/24 November 2021***

25. I found about the incident and Niyat's death when Morris called me approximately 10 or 15 days after the incident. He told me that she had drowned in the Channel. He said that the boat had not been rescued and that Niyat had died.

26. I flew to France from Sudan. A woman from Red Cross spoke with the Embassies and explained the situation, and they sorted out everything for me to get a visa from Sudan. I think it was a tourist visa valid for 15 days. In France, I met Morris who had travelled from Dubai. Before her burial, we were allowed to see her body. Morris and I identified Niyat. This was an extremely emotional experience for me and I broke down in tears. I was devastated. We attended Niyat's burial together on 29 December 2021.

27. Niyat was buried in Lille. We were not able to repatriate her body at the time because of the war in Tigray, and we decided to have her laid to rest in France.

28. The war in Tigray meant that I was barely able to make contact with my wife or my other children for around two years after I left Ethiopia, because all communications in Tigray were cut off for the majority of that period. I could not tell them anything that I knew about Niyat

CONFIDENTIAL – DO NOT REPRODUCE WITHOUT INQUIRY PERMISSION

or that I had gone to her burial. I had very limited information about how they were doing and whether they were safe in Tigray.

29. Sensitive & Irrelevant, after the Pretoria Agreement, which is the Ethiopia-Tigray peace agreement was signed in November 2022. This was before the civil war in Sudan started in April 2023. The agreement has brought some peace to Tigray, and Mekelle is much safer than it was. However, Western Tigray is still at war and I do not believe that we have established long-term peace in the region. Our lives are still difficult.

30. We lost our daughter in a place that we do not know or understand. When she told me that she was in Europe, I really hoped that she would be safe. We are a very close family who have suffered a lot in different ways. My wife has shared in her statement how special Niyat was and how much we all loved her. It is too much to bear that we lost our daughter because she was trying to find somewhere safe.

Statement of Truth

I believe the facts stated in this witness statement are true. I understand that proceedings for contempt of court may be brought against anyone who makes, or causes to made, false statement in a document verified by a statement of truth without an honest belief in its truth.

Signed:

Date:

Name:

CONFIDENTIAL – DO NOT REPRODUCE WITHOUT INQUIRY PERMISSION

**ናይ ፈረደ የሺወንዲም ናደው ምስክርነት መግለጺ**

ኣነ ፈረደ የሺወንዲም ናደው ኣቦ ንያት ፈረደ፡ Sensitive & Irrelevant ከምዚ ዝስዕብ ይብል ኣለኹ።

1. ኣነ ኣቦ ንያት ፈረደ (“**ንያት**”) እየ፣ አታ ሓንቲ ካብቶም ግዳያት ናይቲ ዘሕዝን ፍጻሜ (ትራጀዲ) ናይ ሕዳር 2021።

2. ነዚ መግለጺ ዝህብ ዘለኹ፡ ነቲ ዝቕጽል ዘሎ ክራንስቶን ኣገዳሲ ሓበሬታ ንምሃብ እዩ። እዚ መግለጺ ዝህብ ዘለኹ፡ ነቲ ቅድሚ እቲ ብዕለት 23/24 ሕዳር 2021 ዘጋጠመ ትራጀዲ ዝመርሑን ድሕሪኡን ዘጋጠመ ፍጻመታት ዝምርምር ዝካየድ ዘሎ መርመራ ክራንስቶን፡ ካብቲ ቅድሚን ኣብ እዋንን ዝነበረ ኩነታት ዝነበረኒ ኣፍልጦን ርድኢትን መሰረት .ብምግባር እየ ኣብ ትሕቲ ምድራይ ዝርከቡ ፍጻመታት ሓበሬታ ዝህብ ዘለኹ።

3. መግለጺይ ምስ መግለጺ በዓልቲ ቤተይ ፍረወይኒ ሓየማርያምን (“**ፍረወይኒ** ”) ወድና ሞሪስ ስለሺ ተወልደ (“**ሞሪስ**”) ሓቢሩ ክነበብ ይግባእ። አዚ ትሕዝቶ ናይዚ መግለጺታት ኣንቢበዮን ይሰማማዓሉን እየ። ኣብዚ መግለጺ ዝርከቡ ጉዳያት ብኻልእ መንገዲ እንተዘይተገሊጸም ብ ኣፍልጦይ እዮም።

4. ቅድሚ መገሻኣን ኣብ እዋን መገሻኣን ካብ ዓለይ ዝረኸብክዎ ሓበሬታ ኩሉ ግዜ ምሉእን/ወይ ቅኑዕን ክኸውን ከምዘይክእል እኣምን። ዓለይ ናፈቐያ፡ ዋላ እኳ ንነፍሲ ወከፍ ዝርዝር ናይቲ ዝነገረትኒ ክዝክር እንተፈተንኩ፡ ኩሉ ክዝክሮ ኣይክእልን እየ። ንነዊሕ እዋን ሓዚንና ክሳብ ሕጂ ኩሉ ሰብ ኣብ ዓቕሊ ጽበት ይርከብ። ኣብ ኩናት ጸኒሕና ኣነን ስድራይን ድማ ኣዝዩ ከቢድ እዋን ኣሕሊፍና ኢና። እዚ ኹሉ ን ናይ ምዝካር ክእለተይ ጸልይዎ።

5. እዚ መግለጺ እዚ ብሓገዝ እቶም ኣብ ዳንከን ሉዊስ ጠበቓታት ዘለዉ ሕጋውያን ወከልተይ ዝተዳለወ እዩ።

***<u>ድሕረ ባይታ</u>***

6. ብዕለት Sensitive & Irrelevant ኣብ ምዕራብ ትግራይ ኣብ ቃፍታ ሑመራ ዝተወለድኩ ኢትዮጵያዉ ዜጋ እየ።

Sensitive & Irrelevant

Sensitive & Irrelevant

8. ኣነን በዓልቲ ቤተይን ኣብ ሚያዝያ 1997 ተመርዒና። ኣብ ስድራና ኣርባዕተ ቆልዑ ኣለዉና፡ ብ14 ሰነ 1999 ዝተወልደት ንያት ሓዊስካ ማለትዩ። ወደይ ኣማኑኤል ፍረደ (“**ኣማኑኤል**”) ፡ ዕለት ልደት Sensitive & Irrelevant ፡ ካብቲ

ዝሓለፈ ሓዳረይ'ዩ ፣ ሞሪስ ድማ፣ ዕለት ልደት Sensitive & Irrelevant፣ ወዲ ፍረወይኒ ካብቲ ዝሓለፈ ሓዳራ'ዩ። ንሞሪስ ወደይ እየ ዝቖጽሮ። ኣነን በዓልቲ ቤተይን ንያትን የሺወንዲምን ወሊድና።

9. ንያት ሕጉስ ቁልዕነት ኣሕሊፋ። ፍልይቲ ጓል እያ ነይራ። ንስድራኣ እተሓልን እተፍቅርን እያ ነይራ። ኣብ ገዛና ምስ ኣሕዋታ ዓብያ (ናብ ቤት ትምህርቲ ድማ ኣትያ፡ ድሒራ ድማ ኣብ መቐለ ዩኒቨርስቲ ቐጺላ። ኣብ መቐለ ፋርማሲስት ክትከውንን ህይወታ ኣብ ምሕጋዝ ሰባት ክትውፍይን ቆሪጻ እያ ነይራ።

10. ቅድሚ ኲናት ትግራይ ኣነን ስድራይን ኣብ መቐለ ጽቡቕን ምቹውን ናብራ ንነብር ኔርና። እንተኾነ Sensitive & Irrelevant Sensitive & Irrelevant ኣብ 2018 ሓላፊ ፓርቲ ብልጽግና ኮይኑ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ምስ ኮነ፡ ኣብ ልዕሊ ክልል ትግራይ ዘሎ ፖለቲካዊ ስምዒት ኣሉታዊ እናኾነ መጺኡ። መንግስቲ ብሚድያ ኣቢሉ ንትግራዎትን ባህልናን ከጥቅዕ ጀሚሩ። እዚ ድማ ኣብ ሕዳር 2020 ናብ ምሉእ ኲናት ሓድሕድ ተሰጋጊሩ። ካብዚ እዋን እዚ ኣትሒዝካ ዝኾነ ትግራዋይ ኣብ ኢትዮጵያ ክነብር ውሑስ ኣይነበረን።

11. Sensitive & Irrelevant Sensitive & Irrelevant እቲ ግጭት ኣብ ከተማ መቀለ ቅድሚ ምብጻሑ ኣብ ወሰን ከተማ መቐለን ኣብ ምዕራብ ትግራይን ጀሚሩ። Sensitive & Irrelevant Sensitive & Irrelevant ኣብቲ እዋን እቲ ሰራዊት ኢትዮጵያ ካብ ኣየር ቦምባታት የካይድ እኳ እንተነበረ፡

Sensitive & Irrelevant

12. ንያት ኣብ መቐለ ክትጸንሕ ስለ ዝደለየት፡ ዝተረፍና ምስ ከድና ምስ ካልእ ዘመድ ዶክተር ኣማኑኤል ሙሉጌታ ("**ዶክተር ኣማኑኤል**") ተሓቢኣ። ዶክተር ኣማኑኤል ኣብ ፖለቲካ ዝኾነ ተሳትፎ ስለዘይነበሮ፡ Sensitive & Irrelevant Sensitive & Irrelevant ዓቢ ገዛን ናይ ገዛእ ርእሱ ክሊኒክን ነይርዎ፡ ጽቡቕ ኣኽብሮት ድማ ይረክብ ነበረ። ንያት ካብቶም ዝተረፍና ንላዕሊ ምስ ዶክተር ኣማኑኤል ቀርበት ስለዝነበራ ምስኡ ክትጸንሕ ዕድመ ኣቕሪቡላ። ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ትግራይ ውሑስ ዝኾነ ቦታ ኣይነበረን፡ ንያት ኣብቲ ነዊሕ ጉዕዞ ምሳና ብሰላም ክትህሉ ምኟና ርግጸኛታት ስለ ዘይነበርና፡ ክትጸንሕ ዝበለጸ ምኟኑ ተሰማሚዕና።

13. ካብ መቐለ ከባቢ 23 ወይ 24 ሕዳር 2020 ተበጊስና። እዚ ናይ መጠረሽታ ግዜ ዓለይ ዝራኣኹላ ኔሩ።

14. ካብ መቐለ ንሰሜናዊ ምዕራብ ኣስታት 100 ኪሎ ሜተር ርሒቓ እትርከብ ገጠር ቆላ ተምቤን ከድና። ብመኪና ኢና ተጓዒዝና። ኣብ ቆላ ተምቤን ምስ በጻሕና፡ ፍረወይኒ ምስቶም ቆልዑ ኣብቲ ኣኻውሕ ዝበዝሖ ክፋል ናይቲ ከባቢ ኣብ ዝርከብ በዓቲ ገዲፈዮም። ኣብቲ ከባቢ ብዙሓት ተመዛበልቲ ተሓቢኦም ነይሮም። Sensitive & Irrelevant Sensitive & Irrelevant

15. ኣብዚ እዋን እዚ ኣማኑኤል ወደይ ምስ በዓልቲ ቤቱ ኣብ ካልእ ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ተሓቢኡ ነበረ። ኣብ እዋን ኲናት ብዙሓት ሰባት ኣብኡ ተዓቝቦም ኔሮም።

16. ሓይልታት ፈደራላዊ መንግስቲ መቐለ ምስ ተቖጻጸራ ስድራይ ክምለሱ ክኢሎም፣ ብ ታሕሳስ 2020 ድማ ፍረወይኒን ቆልዑን ናብታ ከተማ ተመሊሶም። Sensitive & Irrelevant Sensitive & Irrelevant ኣብ ከባቢ ጥሪ ወይ ለካቲት 2021፡ ካብቲ ግጭት ንምህዳም ኣስታት 600 ኪሎ ሜተር ብእግረይ ናብ ሱዳን ኣምሪሐ።

17. ሓይልታት ኢትዮጵያ መቐለ ምስ ሓዝዋ፡ ካብ ጥሪ 2021 ክሳብ ሰነ 2021 ንሓጺር እዋን ቴሌኮሙኒኬሽን ተኸፊቱ፡ በዚ ድማ ንፍረወይኒ ናብ ሱዳን ከም ዝኸድኩ ክሕብራ ክኢለ። ይኹን እምበር ኣብ ወርሒ ሰነ 2021 ህወሓት ነታ ከተማ ዳግማይ ምስ ተቆጻጸረት ፈደራላዊ መንግስቲ ምስ ትግራይ ዝነበሮ ርክባት ኩሉ ኣቃሪጽዎ። ካብዚ ግዜ እዚ ስድራይ ኣብ መቐለ ኣነ ድማ ኣብ ሱዳን ነንሕድሕድና ክንረክብ ኣይካኣልናን። ኣብታ ከተማ ዝካየድ ዝነበረ ውግእን ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ መጥቃዕትን እውን ኣብዚ እዋን እዚ መሊሱ ስለዝጀመረ መቐለ ኣዝያ ውሕስና ከምዘይብላ ገይርዋ። ግልጋሎት ቴሌኮሙኒኬሽንን ኢንተርኔትን ኣብ ትግራይ ኣብ መጀመርታ 2023 ጥራሕ እዩ ሙሉእ ብሙሉእ ተመሊሱ።

***ጉዕዞ ንያት ካብ ኢትዮጵያ ናብ ፈረንሳ***

18. በዓልቲ ቤተይ ንንያት ካብ መቐለ ክትወጽእ ዝደረኻ እንታይ ምኳኑ ኣብ መግለጺኣ ገሊጻቶ ኣላ፡ ስለዚ ኣብዚ ኣይደግሞን እየ። ፍረወይኒን እቶም ካልኦትን ናብ መቐለ ምስ ተመልሱ፡ ከባቢ ጥሪ 2021 ካብ ትግራይ ከም ዝወጸት ይፈልጥ እየ። ንያት ምድናሓ ውሑስ ከምዘይነበረ ኩሉ ተሰማሚዕሉ።

19. ንንያት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ምስ ኣተወት ሓያሎ እዋናት ተዘራሪብናና፣ ሓደ ግዜ ምስ ደወልኩላ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ከም ዝተኣሰረት ነጊራትኒ፣ እዚ ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ዝኣተወትሉ ከባቢ ጥሪ 2021 እዩ ነይሩ። ኣብ ቤት ማእሰርቲ ቃሊቲ ንኣስታት ሓደ ሰሙን ከም ዝተኣሰረት እኳ እንተነገረትኒ፡ ዝኾነ ዝርዝር ሓበሬታ ግን ኣየካፈለትን። ንያትን ሞሪስን ድሒሮም ካብ ኢትዮጵያ ወጺኦም ናብ ውሑስ ቦታ ክኸዱ ከም ዝሓሰቡ ሓቢሮምኒ። ሞሪስ ናብ ዱባይ ክኸይድ መደብ ነይርዎ ንያት ድማ ናብ ኤውሮጳ ክትኸይድ መደብ ነይርዋ።

20. ንያት ካብ ቤልጅየም ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 2021 ክሳብ ትድውለለይ ካብ ኢትዮጵያ ከም ዝወጸት ኣይፈለጥኩን ነረ። ምስ መሓዝኣ ሜሮን ሃይሉ ገብረሂወት ("**ሜሮን**") ኣብ ኤውሮጳ ከም ዝነበረት ገሊጻ። ሜሮን ካብ ዓዲግራት ትግራይ ምኳና፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ድማ ዕርክነት ከም ዝፈጠሩ ነጊራትኒ። ሜሮን እውን ግዳይ ናይቲ ብዕለት 23/24 ሕዳር 2021 ዓ.ም. ኮይነት እያ።

21. ንንያት ካብ ኣዲስ ኣበባ ምስ ወጸት ብስሩዕ ብተሌፎን ክዘረባ ክኢለ። ኣብቲ እዋን ንጡፍ ግጭት ኣብ ዘይነበረላ ሱዳን ስለ ዝነበርኩ፡ ሲግናል (ኮነክሽን) ስለ ዝነበረኒ ምስኣ ክራኸብ ክኢለ። ብዛዕባ ኣብ ትግራይ ዝፍጸም ዝነበረ ኣዕሊልና፣ ኣብ ብራስለስ ኣንጻር ፌደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንህዝቢ ትግራይ ዝገብሮ ዘሎ፣ እቲ ግጭት ደው ክብል ዝጠልብን ናይ ተቓውሞ ሰልፊ ዝተሳተፋቶ ስእልታት ሰዲዳትለይ። ንያት ኣብ ፖለቲካ ዝተዋፈረት ስለ ዝነበረት ኣብ ትግራይ ዝፍጸም ዝነበረ ብዕምቆት ትግደስ ነይራ። ኣብቲ እዋን እቲ መላእ ትግራይ ኣብ ሓደጋ ኔራ ዝተረፉ ስድራይ ድማ ኣብኡ ተዓጽዮም ነይሮም። ብውሕስነቶም ከምዘለዉ መረጋገጺ ንምርካብ ምስኦም ክራኸብ

CONFIDENTIAL – DO NOT REPRODUCE WITHOUT INQUIRY PERMISSION

ኣይከኣልኩን። ኣብዚ ግዜ እዚ ምስ ንያት ክዘራረብ ምኽኣል ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ ነይሩ። ንሓድሕድና ክንራከብ ኣድላዪ ስለ ዝነበረ ብዙሕ ግዜ ንዛረብ ነይርና።

22. ንያት ንሳን ሜሮንን ኣብ ብራስለስ ካብ ማሕበረሰባት ትግርኛን ካቶሊክን ዝመጹ ሰባት ይነብሩ ከም ዝነበሩ ነጊራትኒ። ኣነ ከም ዝፈልጦ ቅድሚ ናብ ሰሜን ፈረንሳ ምኻዳ እትነብረሉ ዝነበረት ናይ መወዳእታ ቦታ እዚ እዩ ነይሩ።

23. ንያት ካብ ብራስለስ ወጺኣ ናብ ዓዲ እንግሊዝ ክትከይድ ትሓስብ ከም ዝነበረት ነጊራትኒ። ኣብ ቤልጅዩም ነቲ ቋንቋ ክትዛረብ ስለ ዘይትኽእል ኣዝዩ ይኸብዳ ነበረ። ቁሪ ስለዝነበረ ከምኡ ድማ ኩነታት ኣየር ክትጓዓዘሉ ጽቡቕ ስለዘይነበረ ምኻድ ውሑስ ከም ዘይመስለኒ፡ ምስቶም ኣብ ብራስለስ ዝርከቡ ካቶሊካውያን ማሕበረሰብ ክትጸንሕ ዝሓሸ ምኳኑን ነገርክዋ።

24. ኣብ ብራስለስ ኣብ ዝነበረትሉ እዋን ዳርጋ መዓልታዊ ብተሌፎን ንዛረብ ኔርና ድሕሪኡ ግን ሃንደበት ኣብ መፋርቕ ሕዳር 2021 ኽዘራረባ ኣይከኣልኩን። ኣብቲ ግዜ እቲ ካብ ብራስለስ ወጺኣ ናብ ዓባይ ብሪጣንያ ክትሰግር ከም ዝኸደት ኣይፈለጥኩን። ኣብቲ እዋን ምስ ሞሪስ ይራኸብ ነይረ፣ ብዛዕባ ንያት ድማ ብቐጻሊ እዛረቦ ነይረ። እታ ጃልባ ምስ ጠሓለት ነቲ ዜና ይከታተሎ ስለ ዝነበረ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ረኸበ ይሕብረኒ ነበረ።

## ***<u>ድሕሪ ፍጻመታት 23/24 ሕዳር 2021</u>***

25. ብዛዕባ'ቲ ፍጻመን ሞት ንያትን ሞሪስ ድሕሪ'ቲ ፍጻመ ኣስታት 10 ወይ 15 መዓልታት ምስ ደወለለይ'የ ረኺበዮ። ኣብ ክሳድ ማይ (ቻነል) ከም ዝጠሓለት ነጊሩኒ። እታ ጃልባ ከም ዘይደሓነትን ንንያት ከም ዝሞተትን ሓቢሩ።

26. ካብ ሱዳን ናብ ፈረንሳ በሪረ። ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ካብ ቀይሕ መስቀል ምስ ኤምባሲታት ተዘራሪባ ነቲ ኩነታት ገሊጻትሎም፡ ካብ ሱዳን ቪዛ ክረክብ ድማ ኩሉ ኣፈታቶሖምለይ። ከም ዝመስለኒ ን15 መዓልታት ዝጸንሕ ናይ ቱሪስት ቪዛ እዩ ነይሩ ። ኣብ ፈረንሳ ካብ ዱባይ ዝተጓዕዘ ሞሪስ ተራኺበ። ቅድሚ ምቕባራ ሬሳኣ ክንርኢ ተፈቒዱልና። ኣነን ሞሪስን ንንያት ኣለሊናያ። እዚ ንዓይ ኣዝዩ ስምዒታዊ ተመክሮ ስለ ዝነበረ ንብዓት ንንብዓት ኮይነ። ብሓዕሚ ሓዚነ። ብዕለት 29 ታሕሳስ 2021 ኣብ ቀብሪ ንያት ብሓባር ተሳቲፍና።

27. ንያት ኣብ ሊለ ተቐቢራ። ኣብቲ እዋን ብሰንኪ ኣብ ትግራይ ዝነበረ ኲናት ሬሳኣ ናብ ሃገራ ክንመልሶ ስለዘይከኣልና፡ ኣብ ፈረንሳ ክድበር ወሲንና።

CONFIDENTIAL – DO NOT REPRODUCE WITHOUT INQUIRY PERMISSION

28. ኩናት ትግራይ ማለት ካብ ኢትዮጵያ ምስ ወጻእኩ ንኣስታት ክልተ ዓመት ምስ በዓልቲ ቤተይ ይኹን ምስ ካልኦት ደቀይ ርክብ ክገብር ዳርጋ ኣይከኣልኩን፣ ምኽንያቱ ኣብ ትግራይ ዝበዝሕ ግዜ እቲ መራኸቢታት ተቛሪጹ ስለዝነበረ። ብዛዕባ ንያት ዝፈልጦ ይኹን ናብ ቀብራ ከም ዝኸድኩ ክነግሮም ኣይከኣልኩን። ከመይ ከምዘለዉን ውሕስነቶም ኣብ ትግራይ ንዝምልከት ኣዝዩ ድሩት ሓበሬታ ነይሩኒ።

29. Sensitive & Irrelevant ስምምዕ ፕሪቶርያ ማለት ስምምዕ ሰላም ኢትዮጵያን ትግራይን ኣብ ሕዳር 2022 ምስተኸተመ፣ እዚ ድማ ቅድሚ ኣብ ሚያዝያ 2023 ኲናት ሓድሕድ ኣብ ሱዳን ምጅማሩ እዩ ነይሩ። እቲ ስምምዕ ቁሩብ ሰላም ኣምጺኡላ ንትግራይ፣ መቐለ ድማ ካብቲ ዝነበረቶ ኣዝያ ውሕስቲ እያ ዘላ። ይኹን እምበር ምዕራብ ትግራይ ሕጂ ውን ኣብ ኲናት ስለዘላ ኣብቲ ክልል ነዊሕ ዝጸንሕ ሰላም መስረትና ዝብል እምነት የብለይን። ህይወትና ሕጂ እውን ከቢድ እዩ ዘሎ።

30. ጓልና ኣብ ዘይንፈልጦን ዘይንርድኦን ቦታ ስኢንናያ። ኣብ ኤውሮጳ ከም ዘላ ምስ ነገረትኒ፡ ብጣዕሚ ብሰላም ክትነብር ተስፋ ገይረ። ብዝተፈላለየ መንገዲ ብዙሕ መከራ ዝተሳቐና ኣዚና ቅርበት ዘለና ስድራ ኢና። በዓልቲ ቤተይ ንያት ክሳብ ክንደይ ፍልይቲ ምንባራ ኩላትና ክሳብ ክንደይ ነፍቅራ ከምዝነበርና ኣብ መግለጺኣ ኣካፊላ ኣላ። ጓልና ውሑስ ቦታ ክትረክብ ክትፍትን ስለ ዝከሰርናያ ምጽዋሩ ኣዝዩ ከቢድ እዩ።

መግለጺ ሓቂ

ኣብዚ ናይ ምስክር መግለጺ ዝተገልጸ ጮብጥታት ሓቂ ማኻኑ እምነት ኣለኒ። ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ሰብ ኣብ ናይ ሓቂ መግለጺ ዝተረጋገጸ ሰነድ ቕንዕና ዘይብሉ ናይ ሓሶት መግለጺ ዝሃበ፡ ወይ ክወሃብ ዝገብር ሰብ፡ ኣብ ልዕሊኡ ናይ ቤት ፍርዲ ንዕቀት ክሲ ክቐርብ ከም ዝኽእል ይርዳኣኒ።

ዝተፈረመ፤

ዕለት፥

ሽም፥

CONFIDENTIAL – DO NOT REPRODUCE WITHOUT INQUIRY PERMISSION



**Habibi Interpreting and Translation LTD**
**35 Pinner Park Avenue, Harrow, London, HA2 6JY**
**Email: info@habibi-interpreting.co.uk**
**Contact: PD 366/ PD 933**

28. ኲናት ትግራይ ማለት ካብ ኢትዮጵያ ምስ ወጻእኩ ንኣስታት ክልተ ዓመት ምስ በዓልቲ ቤተይ ይኹን ምስ ካልኦት ደቀይ ርክብ ክገብር ዳርጋ ኣይከኣልኩን፣ ምኽንያቱ ኣብ ትግራይ ዝበዝሕ ግዜ እቲ መራኸቢታት ተቛሪጹ ስለዝነበረ። ብዛዕባ ንያት ዝፈልጦ ይኹን ናብ ቀብሪ ክም ዝኸድኩ ክነግሮም ኣይከኣልኩን። ከመይ ከምዘለዉን ውሕስነቶም ኣብ ትግራይ ንዝምልከት ኣዝዩ ድሩት ሓበሬታ ነይሩኒ።

29. ኣብ መጀመርታ 2023 ካብ ሱዳን ናብ መቐለ ተመሊሰ፣ ስምምዕ ፕሪቶርያ ማለት ስምምዕ ሰላም ኢትዮጵያን ትግራይን ኣብ ሕዳር 2022 ምስተኸተመ፣ እዚ ድማ ቅድሚ ኣብ ሚያዝያ 2023 ኲናት ሓድሕድ ኣብ ሱዳን ምጅማሩ እዩ ነይሩ። እቲ ስምምዕ ቁሩብ ሰላም ኣምጺኡላ ንትግራይ፣ መቐለ ድማ ካብቲ ዝነበረቶ ኣዝያ ውሕስቲ እያ ዘላ። ይኹን እምበር ምዕራብ ትግራይ ሕጂ ውን ኣብ ኲናት ስለዘላ ኣብቲ ክልል ነዊሕ ዝጸንሕ ሰላም መሰረትና ዝብል እምነት የብለይን። ህይወትና ሕጂ እውን ከቢድ እዩ ዘሎ።

30. ጓልና ኣብ ዘይንፈልጦን ዘይንርድኦን ቦታ ስኢንናያ። ኣብ ኤውሮጳ ከም ዘላ ምስ ነገረትኒ፣ ብጣዕሚ ብሰላም ክትነብር ተስፋ ገይረ። ብዝተፈላለየ መንገዲ ብዙሕ መከራ ዝተሰቖና ኣዚና ቅርበት ዘለና ስድራ ኢና። በዓልቲ ቤተይ ንያት ከሳብ ክንደይ ፍልይቲ ምንባራ ኲላትና ከሳብ ክንደይ ነፍቅራ ከምዝነበርና ኣብ መግለጺኣ ኣካፊላ ኣላ። ጓልና ውሑስ ቦታ ክትረክብ ክትፍትን ስለ ዝከሰርናያ ምጽዋሩ ኣዝዩ ከቢድ እዩ።

መግለጺ ሓቂ

ኣብዚ ናይ ምስክር መግለጺ ዝተገልጸ ጭብጥታት ሓቂ ማኻኑ እምነት ኣለኒ። ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ሰብ ኣብ ናይ ሓቂ መግለጺ ዝተረጋገጸ ሰነድ ቕንዕና ዘይብሉ ናይ ሓሶት መግለጺ ዝሃበ፡ ወይ ክወሃብ ዝገብር ሰብ፡ ኣብ ልዕሊኡ ናይ ቤት ፍርዲ ንዕቀት ክሲ ክቐርብ ይኽእል ይርዳኣኒ።

ዝተፈረመ፤ Personal Data

ዕለት፤ Nov/07. 2024

ሽም፥ ፊሪ ዮሺወንዲም

*I have translated the above text from English into Tigrinya Language to the best of my knowledge and ability and command of both these languages.* *Translator:* Name *Date: 04/11/2024*